# ኣብነታዊ ውፉይ ታሪኽ ህይወት መምህር ምንያ ዓማር

Memhir Minia Ammar’s Exemplary Life History

ካብተን ብ1950ታት ቀዳሞት መማህራን ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ዝነበረት መምህር ምንያ ዓማር ብምኽንያት ሕማም ኣብ ኣስመራ ብ15.11.2019 ዓሪፉ። ሬስኣ ንከረን ቅድሚ ምብጋሱ ብብጹእ ሊቀ ጳጳሳት ኣቡነ መንግስተኣብ ተስፉማርያም መፉነዊ ስነ ስርዓት ተገይርሉ። ኣብቲ ቀጺሉ ኣብ መጋርሕ/ከረን እተገብረ ስርዓተ ቀብራ ካህናትን ደናግልን ህዝብን ብምልኣት ተሳቲፉ። ወከልቲ ምሉእ ህዝቢ ዓድታት ኣሸራ ላሞም ሒዞም ኣብቲ ቀጺሉ ንዝኽሪ መምህር ምንያ እተገብረ ስነ-ስርዓታት ተኻፊሎም።(ዝርዝር ስነ-ስርዓት ቀብርን ምስክርነትን ኣብ ታሕቲ ርኤ።)

መምህር ምንያ ዓማር ኣብ ኣሸራ/ሻፍታኹ ብ26 ሰነ 1938 ዓምፈ ካብ ኣቡኣ ዓማር መሓርዝጊ ትጃርን ካብ ኣዲኣ ክብራ በየነ ኣስፈዳይን ተወሊዳ። ድሕሪ ናይ 1941 ስዕረት ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ፡ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ዓባይ ብሪጣንያ፡ ነተን ብ1944 ንመጀመርያ ብደረጃ መንግስቲ¡ ኣብ ገጠራት ሰንሒት ዝኸፈተን ሰለስተ ቤት ትምህርትታት፡ ናይ ኣሸራን ሓሊብ መንተልን በረከንትያን ጥራይ እየን ነይረን። ምንያ ዓማር ከኣ ካብተን ሽው ኣብ ኣሸራ ቤት ትምህርቲ ክኣትዋ ዕድል ዝረኸባ 3 ቀዳሞት ደቂ ኣንስትዮ ሓንቲ ነይራ። ንሳተን ከኣ ንግስቲ ህያቡን፡ ዘውዲ ሞሳዝግን ምንያን ነበራ።

 

ብመንፍዓታን ብባዕላዊ ሓርኮትኮታን ክሳዕ ቀዳማይ ዲግሪ ናይ ዩኒቨርሲቲ ዝወሰደትን፡ ምንያ ኣብ ከባቢ ክፍሊ ትምህርቲ ኤርትራ ጽቡቕ ስም ዝገደፈትን ቀዳመይቲ ጓል ኣሸራ ጥራይ ዘይኮነት፡ ካብተን ከባቢ 10 ዝኾና ቀዳሞት መማህራን ሓዲሽ ዘመነ ትምህርቲ ኤርትራ ነይራ።

ምንያ ኣብ ኣዝዩ ንኡስ ዕድሚኣ፡ ማለት ጌና ኣብ ዝባና ክዳን'ውን ዘይነበራ ቈልዓ እንከላ፡ ትምህርቲ ጀሚራ። እቲ ብ1897 እተወልደ ኣቡኣ ዓማር ኣብ ንኡስ ዕድሜኡ (ኣብ መወዳእታ 1910ታት) ኣብ ማርያም ድዓሪ ክሰርሕ እንከሎ ንዝነበሮ ዝኣረገ መጽሓፍ ዳዊት ኣብ ሻንጣ ሓንጊራ ንግሆ ንግሆ ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ኣሸራ ትርከብ ነበረት ይብሃል።

ሓደ መዓልቲ ብመስኰት ኰይና ነቲ ዓበይቲ ተመሃሮ ዝምሃርዎ ዝነበሩ ክትድግምን፡ ናይ ምርባሕን ምድማርን ጌጋ ንዝገበሩ ተመሃሮ ዓው ኢላ ክትእርምን ዝሰምዑዋ ናይ ሽዑ መምህር ተስፉማርያም ጴጥሮስ፣ ግድን ክትምሃር ዘሎዋ ቈልዓ ኢያ ኢሎም፡ ንስድራኣ ክዳን ክኸድንዋ ሓቲቶም ትምህርቲ ከም እትጅምር ገበሩ። በቲ ጊዜ'ቲ ቈልዓ 6 ዓመት ኣብ ቀዳማይ ክፍሊ ትምህርቲ ክጅምር ብዙሕ ዘይሕሰብ ነይሩ።

ምንያ፡ ካብ 1944 ክሳዕ 1948 ኣብ ኣሸራ 4ይ ክፍሊ ኣብ 10 ዓመት ዕድሚኣ ድሕሪ ምውድኣ፡ ኣብ 5ይ ክፍሊ ናብ ዘሕልፍ መርመራ ካብ እተዓወቱ 4 ተመሃሮ ደቂ ኣሸራ ነይራ። ንሳቶም ከኣ፡ ምንያን ዘርኤ ኣስገዶምን፡ ጴጥሮስ ዓማርን ተኽልማርያም ሕመዲንን ነይሮም።[1]

ድሕሪ ኣሸራ ምንያ ትምህርታ ኣብ ኣስመራ ቀጺላ።[2] ብ1952 ናይ ምምህርና ኮርስ ኣብ TTI (Teacher Training Institute) ድሕሪ ምውሳዳ፡ ብመንፍዓት ልዕሊ ኲሎም እንከላ ጌና ትሕቲ ዕድሜ ስለ ዝነበረት ሓደ ዓመት ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ክትጸንሕ ተገዲዳ። ብ1953 እውን ዕድሜኣ 16 እኳ ክበጽሕ ብማለት፡ ኣብቲ ናይ መንግስቲ መዝገብ ዝርኤ ተወሳኺ ዓመት ኣብ ዕድሚኣ ወሲኾም፡ ኣብ ጥቓ ዓዳ ኣብ ከረን ተመዲባ።[3] ምንያ ካብኣ ኣዝዮም ንዝዓብዩዋ ተመሃሮ ትምህር ከም ዝነበረት ክሳዕ ሎሚ ብህይወቶም ዘለዉ ደቂ ዓዲ የዘንትዉ ኢዮም።

መምህር ምንያ ካብ 1953 ክሳዕ 1960 ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ኣወዳት ድሕሪ ምምሃር፡ ካብ 1956 ክሳዕ 1959 ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣዋልድ ከረን ኣገልጊላ። ኣብ ርእሲ'ቲ ብምልእኣኽ (correspondence) ዝቐጸለቶ ናይ ርሑቕ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝ፡ ንኣዲስ ኣበባ ተላኢኻ ብ1960-61 ናይ ኣመሓድራ ገዛ ትምህርቲ (home economics) ካብ እተመረቓ፣ እሞ ካብ ኢድ ንጉሥ ሃይለስላሰ ዲፕሎማ እተቐበላ ቀዳሞት ደቂ ኤርትራ ሓንቲ ነይራ። ንመጀመርያ ጊዜ ከኣ ናይ ኣመሓድራ ገዛ ትምህርቲ ክሳዕ 1968 ኣብ ከረን ምሂራ።

ብ1968 ንኣስመራ ተቐይራ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትህምርቲ ቀዳማዊ ሃይለ ስላሴ እናመሃረት ካብ ዩኒቨርሲቲ ሳንታ ፋሚልያ ናይ ባቸለር ዲግሪ ክትወስድ በዒቓ። ክሳዕ 1988 ኣብ ዝነበረ ጊዜ ኣብ በነቮለንተን ቤት ትምህርቲ ተናኘ ወርቅን፡ ኮምቦኒን፡ ደጊማ እውን ኣብ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ (ቀሃስ) ምሂራ። ካብ መውዳታ ስሳታት ኣትሒዛ ኣብ ሃይማኖታዊ ምንቅስቓስ ኣድሂባ ስለ ዝነበረት ከኣ ብ1988 ምኽንያታት ኣቐሪባ ጌና ጓል 50 ዓመት እንከላ ጥሮታ ከም ዝፍቀደላ ገይራ።

ኣብ ሃይማኖታዊ ኣገልግሎት ካብ 1968 ክሳዕ 1980 ን12 ዓመታት ናይ ኢየሱስ ስቑል ማሕበር ኣባል ኰይና ኣገልጊላ። ኣብ ናይ ኢየሱስ ስቑል ማሕበር እንከላ'ውን፡ ካብ 1978 ጀሚራ ኣብቲ ኣባ ቪቶሪዮ ዝመርሕዎ ዝነበሩ ምንቅስቓስ ተሓድሶ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስታያን (Catholic Charismatic Renewal Movement) ኣሰር ዝገደፈ ትምህርትን ኣገልግሎትን ትህብ ነይራ። እቲ ምንቅስቓስ ብኣቡነ ሉቃስ እተደገፈ እኳ እንተነበረ፡ ካብ ገለ-ገለ ካህናት ናይ ሽዑ ተጻብኦ የጓንፎ ከም ዝነበረ ይዝንቶ። ኣብ ሰማንያታት፡ ን6 ዓመት ዝኸውን ከም ዋና ጽሓፊት ናይ ምእመናን ቤት ምኽሪ ካቶሊክ ኤርትራ ኰይና ኣገልጊላ።

ኣብ ናይ ሮማ ኣኼባታት ምንቅስቓስ ተሓድሶ ናይ 1981ን 1987ን እተሳለይዋ ሳዕለዎት ሓለፍቲ ቤተ ክርትስያን ነቲ ሃይማኖታዊ እምነታን ተገዳስነታን ዝበቅዕ ምንቅስቓስ ክትመርሕ ሓበሩዋ። እቲ ማሕበር "ማሕበር ኦርሰሊኒ" ይብሃል። ምስ ሓለፍቲ ማሕበር (ብዓል ሊና መዞሪ ዝበሃላ) ብ1987 ኣብ ኢጣልያ ድሕሪ ምርኻባ ኣብ ኤርትራ ማሕበር ኦርሰሊኒ ክትጅምር በቒዓ። ማሕበር ኦርሶሊኒ፡ ንዓለማውያን ውፉያት ኣገልገልቲ ኣምላኽ ዝጥርንፍ ማሕበር ኢዩ። ምንያ ብ29.12.1989፡ ጸዋዕታ ውፉይ ህይወታ ተቐቢላ ኣብ ርእሲ'ቲ፡ “መምህር” ዝብል ኣካደሚያዊ ኣጸውዓ፡ እናቴ ምንያ ተባሂላ እውን ኣብ እትጽውዓሉ ደረጃ ኣትያ። ሎሚ እቲ ቕድሚ 30 ዓመታት ንሳ ዘቘመቶ ማሕበር ኦርሰሊኒ ኤርትራ፡ ኣብ ኣስመራን ከረንን ሰገነይቲን ኣባላት ማሕበር

---

[1] ጴጥሮስ ዓማር ከም ዝሓበሮ።

[2] ኣብ ከተማ ኣዝማድ ዘይነበሮም ደቂ ኣሸራ፡ ከተማ ከይዶም ክምሃሩ የጸግሞም ነይሩ። ምንያ ግን ኣኮኣ ተወልደ በይን ኣብ ኣስመራ ስለዝነበረ ምስኡ ኰይና ትምህርታ ቀጺላ።

[3] ነታ ንእሽቶይ ሓፍቱ ጨና ክኾና ተባሂሉ ንእሽቶይ ሓዋ ወልደሱስ ጕስነት ኣጣል ገዲፉ ኣብ ከረን ትምህርቲ ጀመረ።

***ኣለውዎ። ኣብ ዓለም-ለኸ ኮንፈረንሳት ማሕበር ኦርሰሊኒ ከኣ ንኤርትራ ወኪሉ ዓመት ዓመት ልእኽቲ ይሰድድ።***

## ***ኣብ ጊዜ ምፍናው ሬስኣ ካብ እተኻየደ ስነ-ስርዓትን ምስክርነትን***

***ኣብ ቤት ጸሎት ደናግል ኮምቦኒ ኣስመራ እተገብረ መፋነዊ፡ ቃል ምስክርነትን ብጹዕ ሊቀ ጳጳሳት ኣቡነ መንግስተኣብ ተስፋማርያም፡-***

***መም/ ምንያ ኣብ ምድሪ ከላ ዝጸደቐት ሰብ ኢያ። መጀመርያ ክንደይ ዓመታት ኣርዑት መስቀል ጸይራ። ካብ ቀደም ጥዕና ይጎድላ ኔሩ። ግን ከምቲ ንሕና ንገብሮ፡ ከተጉረምርም ሰሚዕናያ ኣይንፈልጥን። ካልኣይ ናይ ስቓታ፡ ናይ ጸሎት ሰብ ኢያ ነይራ። ብኣፉ ክትብድል ክትሓሚ ሰሚዕናያ ኣይንፈልጥን። ናይ እምነት ሰብ፤ ጸሎተኛ፡ ናይ ቤተ ክርስትያን ሰብ ነይራ። ቤተክርስትያን ተፍቅር፡ ትፈቱ። እቲ ውፉይ ሕይወታ ምሉእ ብምሉእ ነቢራቶ። ስለዚ ባዕሉ ኣብ ሰማይ ይቀበላ። ንስድራ ቤት ጽንዓት ይሃብ። ንማኅበር ቅድስቲ ኣንጀላ መሪቺ ይባርኽ፡ የዳብር። ነተን ኣባላት ከኣ ጽላል ስለ ዝኸደተን ክብርትዓ ከም ዘለወን፡ ብወገና ከኣ ክንድግፈንን ክንጽልየለንን ከነተባብዐን ከምዘለና ኤዘኻክር።***




***ስብከት ኣብ መካነ መቓብር መጋርሕ/ከረን***

***ሠናይ ገድሊ ተጋዲለ እየ፣ ጒያይ ወዲአ እየ፣ ነታ እምነት እውን ሓልየያ እየ። ደጊም እቲ ቅኑዕ ፈራዲ ዝኾነ ጐይታ በታ መዓልቲ እቲኣ ዝህበኒ ኣኽሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ ኣሎ። እዚ ግና ነቶም ንምግላጹ ሃረር ዝብሉ ዅላቶም ድማ እዩ እምበር ንኣይ ጥራይ ኣይኮነን።¡ (2ጢሞ 4፥ 7-8)***

***ኣባ ኀይለማርያም ገብረ (ሲታዊ) ኣብ መካነ መቓብር ኣብ ዝገበርዎ ስብከት፡ መምህር ምንያ ሓንቲ ካብቶም ነዚ ብቕዱስ ጳውሎስ ንተመሃራዩ ጢሞቴዎስ እተገልጸሉ፡ ተስፋ ዘማዕደወ፡ እሞ እቶም ክረኽብዎ እተቓለሱ ከም ዝዕወቱ ዝሕብር መልእኽቲ ንቐባሮ ሓቢሮም። ንሕይወት ኣምላኽ ሕይወቶም ክገብሩ ሃረር ዝብሉ ኣክሊል ጽድቂ ናታቶም'ያ ድሕሪ ምባል ከኣ፡ ከምዚ እናበሉ ቀጺሉ፡-***
***መምህር ምንያ፣ እዛ ሕጂ ብኽብሪ፣ ብዓጀብ ነፋንዋ ዘሎና፣ ንብዙሓት ዝመሃረት፣ ንብዙሓት ዝመዓደት፣ ብርግጽ ነዚ ቃል ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ መደምደሚ ምድራዊ ሕይወታ ደጊማቶ ኣላ። ነፍስ ወከፍ ሰብ ከኣ ኣብ መዛዘሚ ምድራዊ ሕይወት ክደግሞ ይግባእ፤ ትርጉም ሥነ ሥርዓት ቀብሪ ከኣ እዚ ኢዩ። ነፍስ ወከፍ***

*ሰብ ኣክሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ ኣሎ ክብል ክበቅዕ፤ ካብዚ ዝዓቢ ዕድል እንታይ ክህሉ ይኽእል? ካብ ኣኽሊል ጽድቅኻ ምርግጋጽ ዝዓቢ ነገር የልቦን። ንመምህር ምንያ ዝፈልጥ፣ ዝኾነ እዚ እነስተንትኖ ዘሎና ጥቕሲ ቅዱስ ጳውሎስ ምስ ሕይወታ ብምልኣት ዝመሳሰል ኰይኑ ይረኽቦ።*

*ንመምህር ምንያ ኣብ ሕቖፌ ኣብርሃምን፣ ይስሓቕን፣ ያዕቆብን፣ ምስተን ሓሙሽተ ለባማት ደናግል ይጸንብረልና። ንቤተሰብ ጽንዓት፣ ብፍላይ ነቶም ብኣካል ርሒቆም ዘለዉ ቤተሰብ፣ ኣብዚ ሥነ ሥርዓት ቀብሪ፣ ኣብዚ ናይ ምድራዊ ፈነወ፣ ኣብ ሞንጎና ክርከቡ ብዘይምኽኣሎም፣ ምስ ናፍቆቶምን ሃንቀውታኦምን፣ ኣብ ማዕዶ ስግር ባሕሪ ንዘለዉ ጽንዓት የሃብ።*

## ጊደ መም. ምንያ ኣብ ማኅበር ኢየሱስ ስቑል (1968-1980)

(ብደቂ ማሕበር ኢየሱስ ስቑል እተዋህበ ምክስርነት)

*መም/ ምንያ ዝተሳተፍኦ ናይ መጀመርያ ካቶሊካዊ ምንቅስቓስ ማኅበር ኢየሱስ ስቑል ኮይኑ፤ ኣብዚ ማኅበር እዚ ንዓሰርተ ክልተ ዓመት ብዓቢ ተወፋይነት ኣገልገላ። ማኅበር ኢየሱስ ስቑል ብጸሎትን ምኽርን ኃው ለዮፖልዶ ዝተባህሉ ጻድቕ መነኮስ (ማ.ን.ኣ ካፑቺን)ን፡ ብመሪሕነትን ጻዕርን ናይ ኃው ተዮዶሬቶ (ማኅበር ኣኅዋት ዘላሳል) ኣብ ቶሪኖ፡ ኢጣልያ ብ1914 ዝተመስረተ ማኅበር እዩ። ኣብ ኤርትራ ድማ ብፍሉይ ምልዕዓል ናይ ሓደ ውፉይ መንፈሳዊ ፈላሲ፡ ኢጣልያዊ ኣባል ማኅበር ኣኅዋት ዘላሳል፡ ኃው ኣድርያኖ ዝነቐለ ኮይኑ፡ ብተወፋይነት ናይ ኣቶ ሃብተሥላሴ ኣብርሃን፡ ብምትሕብባር ናይ ኃው ዳንኤል (ኣባ ምስግና)ን ከኣ ብ1958 ዝጀመረ ማኅበር እዩ። እዚ ማኅበር ኣርባዕተ ጨናፍር ማለት ናይ ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን፡ ናይ ኣወዳትን ኣዋልድን ክፍሊ ነበሮ።*

*መም/ ምንያ ኣብዚ ማኅበር ኣብ ምስትምሃር ትምህርተ ክርስቶስን ካልእ ንጥፈታትን ብዕቱብ ተወፍየን ዘገልገላ፡ ብደቂ ማኅበር ኣዝየን ፍትውትን ንእድትን ኣባል ኢየን ዝነበራ። መዝገብ ማኅበር ከም ዝሕብሮ፡ መም/ ምንያ ኣብ ጨንፈር ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሓደ ጊዜ (1971 ዓ.ም.ፈ.) ከም ናይ ቁጠባ ሓላፊት፡ ካልእ ጊዜ እውን (1973 ዓ.ም.ፈ.) ከም ጸሓፊት ኮይነን ኣገልገላ። ብተወሳኺ፡ ኣብዚ ሕጂ ግዜ ሓለቓ ማኅበር ዝኾና መም/ እዝጊኣለዋ ገብረሃዋርያት ከምዝገልጽኦ፡ መም/ ምንያ ኣብዚ ማኅበር ነተን ትምህርተ ክርስቶስ ዝምህራ ደቂ ኣንስትዮ ስፌት፡ ሪካሞን ማእለማን የስተምህራ ከምዝነበራ ይግለጽ። መም/ ምንያ ኣብ ዕላምኣን ጽንዕቲ፡ ኣኽባሪት ሕግን ስርዓትን፡ ኣብ ኩሉ ስርሐን ጥንቅቕትን ጽፍፍትን፡ ኣብ ዝሓዝኦ ስራሕ ውፍይትን ዕትብትን፡ ብስቕታን ትዕግስትን ጊዜኣን ኣብ ኣገልግሎትን ቁምነገርን ዘውዕላ ዝነበራ ዓባይ ኣብነታዊት መምህር እየን። መም/ ኣመተጽዮን መድኅን ከምዝገልጽኦ፡ መም/ ምንያ ጸዋዕታኣን ምስ ኣለለያ ስቕ ኢለን ካብ ማኅበር ኣይተፈለያን። ከምቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ጥንቅቕትን ኣኽባሪት ስርዓትን ስለዝነበራ፡ ክሳብ ፍቓድ ሓለቓ ዝረኽባ ንሓደ ዓመት ተጸበያ። ድሕሪ እዚ፡ ሓለቓ ማኅበር ዝነበሩ ኣቶ ሃብተሥላሴ ኣብርሃ፡ ኣብ ትኸድዮ እግዚኣብሔር ብዙሕ ፍረ የፍርኺ! ብምባል መሪቖም ከም ዘሰናበትወን ይሕብራ። እንሆ ከኣ ሎሚ መም/ ምንያ ኣብ ዝኸድኦ ብዙሕ ፍረ ፈርየን ይርከባ።*

*ኣብዚ መወዳእታ ክፋል ናይ ሕይወተን ከምዝተዓዘብናዮ፡ መም/ ምንያ ኣብ ብርቱዕ ስቓይ ከለዋ ፍጹም ብዛዕባ ሕማመን ተዛሪበን ኣይፈልጣን። ብኣንጻሩ ብሕማምን ስቓይን ናይ ካልኦት ይሓስባን ይጽልያን ነበራ። ኩሉ ጊዜ ኣወንታዊ ጎድኒ ናይ ሕይወት ዝጥምታ፡ ንዝረኸብኦ ሰብ ድማ ተስፋ ዘስንቓ ዓባይ ኣደ ኢየን። ተወዳዳሪ ዘይብሉ ትዕግስትን ተጻዋርነትን ተዓዚብና። ሓሚመን ከለዋ ነዊሕ እዋን ኣብ ስራሕ ይጽመዳ። ወላ ኣብ ጊዜ ብርቱዕ ድኻምን ስቓይን ንኹሉ ሰብ ብታሕጓስ የኣንግዳ ነበራ። ስለ እቲ ኩሉ ሕያውነተንን ኣብነተንን ድማ ንዘልኣለም ኣብ ልባትና ሕያው ኮይነን ክነብራን ክዝከራን እየን። እግዚኣብሔር ዘለዓለማዊ ዕረፍቲ ይሃበን። ንስድራ ቤተንን ንደቂ ማኅበረንን ጽንዓት ይሃብ።*

*ደቂ ማኅበር ኢየሱስ ስቑል*

## ኣብ ተሓድሶን ምጃም ሃገረ ስብከትን

**(ምስክርነት ብሓው ኣብራሃም ዑቕባዝጊ)**

***መም/ምንያ ዓማር ኣባል ካቶሊካዊ ውህበታዊ ምንቅስቃስ ተሓድሶ ብምዃን ንነዊሕ ዓመታት ብተወፋይነት ኣብ መሪሕነት ዘገልገለት ውፍይቲ ኣደ እያ። ብፍላይ መጽሔት ተሓድሶ ንብዙሕ ዓመታት ንኺዝርጋሕ ጸኒዓ ብትብዓት ኣገልጊላ። መም ምኒያ ኣብ ኣገልግሎት ኣምላኽ ኣብ ትምህርትን ስብከትን እውን ልዑል ውህበት ነይርዋ። በቲ ህያብ እቲ ብተወፋይነት ኣገልጊላ። ኣብ ሰበኻዊ ቤት ምኽሪ ምእመናን ዋና ጸሓፊት ኰይና ኣገልጊላ። ኣብ ኲሉ ቊምስናታት ንተልእኮ ምእመናን ዘተባብዕ ትምህርቲ ብቤት ምኽሪ ሰበኻ ኣብ ዝተሰርዐ መደብ ብዝግባእ ትምህርቲ ተቕርብ ነበረት። ካብ ኣስመራ ወጻኢ ብምንቅስቃስ ተሓድሶ ይኹን ብሰበኻዊ ቤት ምኽሪ ምእመናን ኣብ ዝስራዕ ዝነበረ መደብ ዓቢይ ኣበርክቶ ነበራ።***

***መም ምኒያ መደብ ምስራዕን ምክትታል ፍሉይ ብልሓት ተንጸባርቕ ነበረት። ንዝሓዘቶ ብጽፈት ተተግብር ኣብነታውዊት ሓፍቲ እያ። ንእዚኣብሔር ኣሪግናካ ዲና ኢላ ብምሕታትን ብምጽላይን ንመሪሕነት ታሓድሶ ኣሕዋተይ ኣሪግናዮ ከይንህሉ! ኢላ እናሓተተት ተነቓቕሓና ነበረት። እግዚኣብሔር ብዘሕደረላ ሓሳብ*** ***<u>ማሕበር ቅድስቲ ኣንጀላ</u>*** ***ብምቛም ካልኦት ኣሓት ኣባላት ምንቅስቓስን ካልኦትን ኣነቓቒሓ ጀሚራቶ፤ ብመሪሕነታ ኣደራጂያቶን ኣዕቢያቶን ተካእቲ ኣሓት እውን ረኺባ ተወፋይነተን ይቕጽል ኣሎ። ማሕበር ቅድስቲ ኣንጀላ መሪቺ ኣብ ዓለም ኮይንካ ብድንግልና ተወፊኻ ብምንባር ንኣምላኽን ማሕበረሰብን ዘገልግል ማሕበር ኢዩ። ምስክርነታን ኣገልግሎታን ንዓና ከም ምንቅስቓስ ልዑል ምዃኑ ንምስክር ንዓኣ ዝመስል ኣሕዋትን ኣሓትን ይሃበና። ንማሕበር ቅድስቲ ኣንጀላ መሪቺን ንቤተሰብን ጽንዓት ይሃብ።***

## <u>ኣሕዋተይ ንጽናዕ፡ ግጥሚ ብትዕግስቲ ዑቑባይ -</u>
## <u>ኣባል ማኅበር ቅ. ኣንጀላ መሪቺ</u>





*እንታይ ኢልና ኢና እሞ ክንጅምሮ*
*ሕይወት መምህር ምንያ ከነስተንትኖ ክንምርምሮ*
*ከነዘንትዎ'ዶ እቲ ፍቕሪ ኣብ ልብና ዘሕደሮ*
*ብትሕትናኽንዶ ወይስ ብፍቕርኽን ክንጅምሮ?*
*ብእምነትን ተስፋን ይመልእ ዝመጸ ናባኽን*
*መርሓባ እናበልክን ክትቅበልኦ ብፍሕሽው ገጽክን*
*መለለይኽን ፍቕሪ ኢዩ ንዝቀረበ ናባኽን።*
*ይደፋነቅ ኣሎ ውሽጥና እንብሎ ጠፊኡና*
*ፍቕርኽንን ሓልዮትክንን ንካልኦት ክንነግሮ ሓይሉ ይሃበና፤*
*እወ ንስኽን መምህርና ናይ ፍቕርን ሓልዮትን ኣብነትና*
*መን'ሞ ክንብለክን ናይ ብሓቂ ኣዴና*
*ትመኽራ ትሓልያ ንመጻኢ ሕይወትና፤*
*ኣብ ትሕቲ ሑቕፍኽን ብዘይ ኣፈላላይ ኩልና*
*ንርእሰይ ይጥዓመኒ ከይበልክን ኰስኲስክናና።*

*እግሪ ከተትክላ ንማሕበርክን*
*ብዙሕ ላዕልን ታሕትን ብምባልክን*
*እንሆ ተራእዩ ፍረ ናይ ጻዕርኽን*
*ናይ ሠላሳን ክልተ ዓመት ጉዕዞ ጸዋዕታኽን*
*ዓሠርተ ክልተ ህሉዋት ኣባላት ገዲፍክን*
*እንሆና ሎሚ ኩላትና ደቕኽን።*
*ክንገልጾ ኣፍቅዳልና በቲ ድሩት ዓቕምና*
*ዕድል ካብ ረኺብና ከነዘንቱ ፍቕርኽን*
*ኣይመነናዮን ጉዕዞ ምሳኽን።*
*ሕጂ ግና ፍቕሪ ኣምላኽ ስዒሩ ካባኽን*
*ሎምስ ጨኪኑ ልብኽን ክፍለ ካብ ደቅኽን፣*
*እንታይ ይበሃል ካብ ኮነ ፈቓዶ ኣምላኽና*
*ካብዛ ቃንዛን ስቓይን ዝመልኦ ምድራዊት ቤትና*
*ፍቕሩ ከተስተማቕራ መሪጹክን ጐይታና*
*ኣሰር ቅ. ኣንጀላ መሪቺ ኣዴና*
*ተኸቲልክን ዝኮስኮስክን ማሕበርና።*
*ኣብታ ሰማያዊት ቤቱ ኣብ ሕቝፊ ጐይታና*
*ዝያዳ ኣብ ጸሎተይ ክዝክረክን እየ ክትብላና*
*እምነትናን ተስፋናን እዚ ኢዩ ንዓና፣*
*ምስቲ ፍቑር መድኃኒየይ*
*ከዕርፍ ሕጅስ ግደፉኒ ደቀይ*
*እናበልክን ክትፍለያ ካባና*

*ጊዜኡ ኣኺሉ ሎምስ ገዲፍክናና*
*ዋላ እኳ እንተኮነ ዝጽበዮ ልቢ ኩላትና*
*ከም ህያው ቃሉ ዘተስፈወና ነዚ ክዝክር ውሽጥና*
*ኣይ ታሕጓስ ኣይ ፍርሒ ይርበጽ ኩሉንትናና ፣*
*እቶም ብቕንዕና ዝነብሩ ዘበሉ*
*ከምቲ ዝብሎ ቅዱስ ቃሉ*
*ሰላምን ዕረፍትን ከስተማቕሩ*
*ምስቶም ኩሎም ቅዱሳን ይጽንበሩ።*
*ስለቲ ህያው ተስፋና ነመስግኖ ንፈጣሪና*
*ከምቶም ተስፋ ዘይብሎም ኣይነድንን ርእስና። /2/*
*ፍቕርን ስኒትን ይኹን መለለይና፣*
*እዚ ኢዩ ድሌት ናይ ኣዴናን ሓፍትናን*
*ብፍቕርን ሓልዮትን ዝመገባና ህያው ኣብነትናን፣*
*ናይ ኣዴናን ሓፍትናን ዝነበረ ተወፋይነተን*
*ኣብ ነፍስ-ወከፍ ኣሕዋተንን ስድራቤተንን*
*መሳርሕተንን ፈተውተንን ደቂ ማሕበረንን፡።*
*ሕያው ምስክር ኢዩ እቲ ጽሑፋተን።*
*ኣብ መጨረሻ ከምቲ መምህር ምንያ ኣዴናን*
*ሓፍትናን ዝበላና*
*ናይ ሰባት ጽቡቕ ምርኣይ ጥራይ ይኹን ታሕጓስና*
*ንኣይ ጥራይ ይጥዓመኒ ከይንብል ሓደራ ዝበላና*
*ኣብ ተግባር ከነውዕሎ ኣምላኽ ይሓግዘና።*

**<u>ብምኽንያት ጥበብ ዘይመውት ክኸውን እየ ኣብቶም ብድሕረይ ዝመጹ ድማ ንዘልዓለም ሕያው ኮይነ ክዝከር ክነብር እየ! (መጽ. ጥበብ ሰሎሙን 8፡ 13)</u>**

## <u>ምስክርነት ዶክቶር ክፍለማርያም ሓምደ (ሽወዴን)</u>

In Memory of late good teacher Minnia Ammar who passed away on 15/11/2019 and whose funeral took place at Megarih, Keren. Condolences to the family and other friends, far and near!

It is difficult to describe the late Minnia's life in words sentences. Yet I can only say it was an **<u>EXEMPLARY LIFE</u>**! a dedicated and much appreciated life with professionalism, in every aspect. Minnia was, is and will be a model for dedication, spirituality, and commitment to ones cause. I worked almost 5 years under her leadership in the Catholic Laity Board of the diocese of Asmara between 1985 to 1990. I am one of those fortunate who could know her and appreciated her consistency, dedication, kindness, and strong sense of belief in God, her spirituality. I can only express my memories and obituary in what is called HEBO or ሄቦ in Blin.

## <u>ምኒየት እልብድና</u>

***መምህር ምኒየር ድግም ደገምሶ ዱኙስተላ። 1985 ኰድኺል ገሞ 1986 ግብርድ ብርፍ ያኹ ቤት-ምኽሪ ምእመናን ሰበኻ ኣስመሪኹል ኣኻር መምህር ምኒየዲ ኣንኳ ኣመራ አከውሲ ሱኩትዮ ደርብድ ንርዲ ከደማኽር ግን። መምህር ምኒያ እን ቤት-ምኽሪ ምእመናኑኹል*** (Council of the Faithful) ***ከታባ እርግቲ። ንር ወራትታዲ ንር ተውሄትዲ ኣከገን እን ማሕበር እንዳኸ ተከልስጊድ***

ሻኹ ግን ይኑ ሰሻነኩን ናውክ።  ኣን እንሰካ ዩኒቨርስቲትል መምህር እርጉኹን፤ እማ ምኒየረው ቀኍምስና ኪዳነ ምሕረቱሲ አዳም ደኰሳ ኮሚቲትል ከደማኹ ይኖሰና አሻር እን 3 ናው ደኰስነውልድ ግን። ደምብን ክድመትሲ መቅሪሕኒልኻ ይዲ ላኹ ይ ጨራ በየነ ቀላቲ የናኹ ሔቦሩኹዲት  መጽሔት ሓቅን-ሕይወትን! የናኹድ ጠፍሕደንቲ እሲኒኹና እማ ይናላውድ ከተብነውስኽር አሪው ከተብኖ ፈስነውሲናኽር መጽሔትሊ ገምድናኽር፡ ናዴምዴመድ ተሪስናኽር አኹኹ ይናብትር፡ ደሽክሊሲ።

እንድድ ጃብ መምህር ምኒያ ተሓድሶ የናኹድ ማሕበርቁራ ዋንትሩ ንሪ ጋብረውዲ እስረውዲ ከው ገሪውድ ምህሮዲ ለበኪ ሽታከት ደርብሲ ሓበረው እርገት እናሕን አን ይላዉድ ቋሉኽር ዋሱኽር ሰኻውልድ ግን።

ንሪ ኮዶ  ተሓድሶ¡ የና መጽሔትል ከተብሩ ሰኻቲ እማ ደምብን ቤት ምኽሪትል ላት ከደምኖ ተርሰነሰና፡ ይደውሲ ደርብ ሓበርኒል አቅትራሲክ ካቢቲና። ወላ ኸከን ንሪ መጽሔት ሓቅን-ሕይወትን ከታባ መቅሪሕ ሰኻግሪንግራ፡ ወንቀርስረን ንር ቋላ ኡኒል ንርቲ ደኳኹ እርግላ። ደአም ንሪ ኮዶ  ኣዳም ኒውክ አቅም ሻኰ ኒ እሳኹሊ እምናኹ አከን፡¡ ያኹ ቋላ እርግነዲንላ ወንቀርስግሪ አሪውድ ብትርሊ ኒኾርስክ ቱወላ ወላ ገረሰንሉኽር፡ አዳምቲ ከበርድረሪ አኽሮ። እማ ምኒያ ኒልድ ወንተርዳኹ ክድመት እርግገት ደለይደኩን። ጋብስትሻረሰና ኮዶ ገለ ምህሮ አድሮ ወንተርደኰ።

**ጀነቫ 15 ኣርባ ያኽኒትሪ፡ 2012**

ምኒየት ኣን ኒል ስኩትዮ አለለያኹላ እን መጽሔት ንድ ክድመትል ግን።
ላዶን ኣን  ኣዳም ኩ ኣክነስ ምኺርግ - ሰብ ምኻንካ አይትረስዕ¡ - ይረሪ ክቱብ ፍዶሰና እማ ደምብን መጽሔት ወራትድ ጂሻስትነሰና ¨አረጊ ልሶ ህምብረኰ” ይሮ ነየትድሮሰነለ ግን አሻር ንር ነየትድነስ አርኹን ዮ እን ገለ ኡቀኍቱገ ከተቡ እርገውሲ እሲያ ገረስኹን። እማ ኒን ንር ነየትድነዲ ንር ተውሃድነዲሲ እስተኹ አኸውልድ ላኹ አኽነዲን ንኪ ንሪኻ እምንዲ ኮል አንኻ ብንዲ ኮል ዋኑ እናሕን ንር ወቀይሲ እምንድክ ሰምዓኩን እንኩኹን። ይለበከስ ትክድ ጨለወውልድለ ላሪ መምህብር ምንያ አኽረት እናሕን ሰምዓኩን እንኩኹን። ንድኻ እን ንሪ ገሪ አካናትሊ ወቀይሩ እርግረውድር ጃር ንር ስድቅሲ ፈደየትላ ለኻትል እሰሊ።

1990 ኣመረድ ነራ ስዊድን ብራ ኣተዮ ኮልድ ፈረክ ሺበክ ኮዶ ገእዩላ ሰኻኩን። ንርዲ ላኹ-ለቻ ወክት 2012 ኣመረድ ክድመትድ ስዊትዘርላንድ ፈሮ ዋኑ እማ ንርዳንድኮው ወልደየሱስከውዲ እርግረት ደለይዶሰና ቋሊየላ ፈሮ ናዲ እን ና መስከብ እምብላዋኹዲ ጋሻይሲ ትክድ ከለብራኹዲትል ላ ቂር ጂግስትኑ ክንኹን። እና በኽት ኒስ ኡወውድለ ንር ዳን ወልደየሱስዲ ኒ ልሻንዲ ለተኣብዲድትር ድሞ ሙሲሰኩንሎም። እንሰከር ደምቢ ገድም እናሕን ናን ጃርሊ ንር በርገግ ይኒ ወክት ተመሞ ጃቢትሮ ህምበቲ ኒል ኣኽሮ ይነድር ጃርሲ  ይኽር ጃር ኔን ይከው ግን ይማስ ግን ይ ማሕበርቁር ግን እማ ና ኣመት እሲ ይቶና ጃርሊ ሺወኩን።¡ ይሻር እና ማርያምር ሻኒ ኣኽረሪ መምህሪት ኩ ፈለኻ ትክዲ ኣርእሻዲ በከትዲ ኣኽነዲን ኩቁር ይን ገሪው ግን የኩን እንኩኹን።

**ሄቦ፡ መምህር፡ ኣዋሃበ ኣልብድንኪ!**

ኩማኩማ ኩ ጨራ እንትኽርማ ለህክስሮ
እና ኰ ግርጋት ዱኙስቶውማ ሺብሮ
አዊላ ገእ ይግራኽር ሻፍታኹልድ ጉሮ
መስኮትድማ ዋስላ መህርዳኹሲ ትብትሮ
ኒል ክንተውልድ አወይሲ እንቲ ሰልፍ ፍሮ

ከረንማ ክንሲላ ግናቲትሲ ለገድሮ
አስመራማ ፍላ ክብያኹል ወቀይሮ
ዲግሪማ ሰቀልድላ ኩ አርእሻድ ሰርገይስሮ
ማትሪክ ደለምድላማ ና መናበረት ትክ ይሮ
ተሓድሶማ ቱዉላ አዳሚንዱኹራ ሸተክሮ

እማ በክስታንሊ ኩ መቅጠንሲ ኡሮ
ቤት ምኽሪት መርሕረ እምንድክ ሰበትሮ።
ወሃጀላ ውራኻ እሲግረሪ
ናድክልድ ፌርቲ ቲኺ ሰቫረሪ

ግናይዲኻ ግናዩ በሀርዲኻ በሀሪ
ኢየሱስ ኩላውድ ኩ ወንበርሊ ከለብሪ
ማርያም እንትቲኪ ኩ ሊኽሪ

እና ጀነት ኣከን ንርድ ግን አስተሃለሪ
ዋቂዩ በኪቲ አሪውድ ካያ ሓሰብረሪ
በርገግ ይሩኹ ገድም እንደ ኒረድ ኣሪ!።
(ክፍለማርያም ሓምደ ኡመዮ፡ ስዊድን 19-11-18)።

## መም/ ምኒያ- ሓቋፌት ሹሉ፦
## (ብአባ አሮን ገብረትንሳኤ)

ምስ ጳጳሳት ጳጳስ
ምስ ካህናት ካህን
ምስ ደናግል ድንግል
ምስ ሰበኽቲ ሰባኺት
ምስ መማህራን መምህር
ምስ ምእመናን ምእመን
ምስ መኸርቲ መኻሪት
ምስ ጸለይቲ ጸሎት
ምስ ሰገድቲ ሰጋዲት
ምስ መምለኽቲ መምለኺት
ምስ ዘመርቲ ዘማሪት
ምስ ቅዱሳን ቅድስቲ
ዕውቲ ተዓዊትኪ!!
ተዘከርና ምስ ኣቦታትናን ኣደታትናን ኣሕዋትናን ደቅናን ኲንኪ።

መምህር ምንያ፣ ካብ ንእስነታ ጀሚራ፣ ን81 ዓመታት እምነት ክርስትና ዝዓቐበት፣ ሠናይ ገድሊ ዝተጋደለት፣ ንቤተሰባ፣ ንተመሃርታ፣ ንጐረባብታ፣ ኲታስ ንዘፈልጥዋ ኵላቶም ሓናጺ ኣብነት ዝሃበት፣ ብዝግባእ ጕያኣ ዝፈጸመት መምህር ኢያ።

ብቐረባ፣ ንመምህር ምንያ ዝፈልጥዋ ናይ ጸሎት ሰብ ከምዝነበረት ይምስክሩ፤ ኣብ ቤተ ክርስቲያን፣ ምስ ካልኦት ምእመናን ሓቢራ ብትግሃት እትሳተፎ ጸሎታት ኣብ ቦታኡ እንከሎ፣ መንበሪ ቤት መምህር ምንያ፣ ቤት ጸሎት፣ ቤት መቍጸርያ፣ ቤት መለኮታዊ ምሕረት ከምዝኾነ ኢዮም ዝምስክሩ። መምህር ምንያ ናይ ብሓቂ መምህር ጸሎት ኢያ ነይራ። ደንጐያ እትድቅስ ማዕረ ዓራታ መጸለዩ ምንጻፍ ኣሰናዲያ እትንብርከኽን እትሰግድን ጸሎተኛ ነይራ። ከማኡ ንመምህር ምንያ ብቐረባ ዘፈልጥዋ ኣንባቢት ቅዱስ መጽሓፍ፣ ኣስተንታኒት ቅዱስ መጽሓፍ ከምዝኾነት ይምስክሩ። ቃል እግዚኣብሔር ርኡይ መንፈሳዊ ምግባ ኢዩ ነይሩ¡ ይብሉ።

እዚ ካብ ንእስነታ ዘይተፈልያ ናይ ጸሎት ዝንባሌን፣ ናይ ቅዱስ መጽሓፍ ኣስተንትኖን፣ ከረን ከላ ብመሓዙታ (ከኒሻ) ሌላ ምስ ቅዱስ መጽሓፍ ገበረት። ኣብቲ ን12 ዓመታት፣ ኣባል ማኅበር ኢየሱስ ስቑል ኲይና፣ ኣብ ዘሕለፈቶ፣ ሕማማት ኢየሱስ ኣብ ሕይወት ከምዝተሓትመ እንኪርኤ፣ ብዝበለጸ

*ከኣ፣ ኣባል ቅድስቲ ኣርጆላ መሪቺ፣ ማለት ቅርጫፍ ናይ ማኅበር ደናግል ቅድስት ኦርሶላ፣ ንምሉእ ሕይወታ ብመብፅዓ ታዝዞን ንጽሕናን ድኽነት ተጸሚዳ፣ ንኢየሱስ ብቐረባ ክትክተሎ ምስ ተጸውዐት እሞ ሕራይ እነሆኹ! ምስ በለት፣ ሕይወት ጸሎታን ሕይወት ኣስተንትኖኣን መሊሱ ጐሊሑ።*

*እዚ ኣብነታዊ ዝኾነ ሕይወት መምህር ምንያ፣ ምስ ኣብነታዊ ዝኾነ ሕይወት ኣደ-ዓባያ እዝጊባዕላ መንደር ዝተኣሳሰረ ኢዩ። ኣብ መጽሓፈ ምሳሌ ምዕ. ፳፪፣ 6 ከምዝንበብ ንቈልዓ ነታ ኪኸደላ ዝግብኦ መንገዲ እሞ ኣላምዶ፣ ምሉእ ሕይወቱ ካብኣ ኣይከልግስን ኢዩ።¡*

*ምንያ ብቈልዓኣ፣ ካብ ምስ ኣዲኣ፣ ምስታ ሕልፈ ጸሎተኛ ዝኾነት ኣደ-ዓባያ እዝጊበዕላ ዝሰጠመት ነይራ። እዛ መንገዲ ማለት፣ ካብ ኣደ-ዓባያ ዝተለማማደታ መንገዲ እምነት፣ መንገዲ ጸሎት፣ ፍቕሪ እግዚእትነ ማርያም፣ ንምሉእ ሕይወታ ኣሰንያታ። ኣደ -ዓባያ ኣብ ከባቢ ኣሸራ ፍልጥቲ መሕረሲት ዝነበረት ኢያ። ብሕማም ሕርሲ ናብ ዝተወጽዐት ክትከይድ፣ ወይ ከኣ ብሕማም ሕርሲ ናብ ዝተወጸዓ ኣብ ገመል ጽዒናም ዂኣስድዋ ከለዉ፣ ወ/ሮ እዝጊባዕላ እተድምጾ ቃል፣ ማርያም ጃር ገና¡ ማለት ማርያም እመ ኣምላክ¡ እናበለት ከተቃልሕ ትጅመር። ወትሩ ኸኣ ትዕወት፤ በዙይ ከኣ ሰባት ወያ ተኣምራታዊት መሕረሲት ሰበይቲ¡ ይብልዋ ነበሩ። ንኣብነታዊ ሕይወት ኣደ ዓባያ ባዕላ መምህር ምንያ ብዙሕ ሳዕ ተዘንትዎ ዝነበረት ኢዩ። ኣነ¡ ዝብል ክትሰምዕ ስለዘይኮነላ ኣነ ትበል ማርያም!¡ ትብል። ዂሉ ካብ ኣምላኽ ስለ እትጽበ ንእዝጊ እዝጊ ይሃቦ!¡ ዝብል ብሂል ተዘውትር ነበረት። ከምዚ ኰይኑ ኢዩ ኣምበኣር፣ ቅዱስ ሕይወት፣ ብቅዱስ እምነት ኣደታት ትሰንዩ ካብ ውሉድ ናብ ውሉድ ክመሓላለፍ ዝነብር። ብቐሊሉ ዝመሓላለፍ።*

*መምህር ምንያ ደጋጊማ ወትሩ ነደታት እተስምዖ ብርቱዕ ቃል ተግሳጽ ነይርዋ። ሎሚ ከነፋንዋ ኣብ ዙርያ መቓብራ፣ ነቲ ብርቱዕ ቃል ነደታት ተስምዖ ዝነበርት ክንደግሞ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ይመስለኒ። ኣትን ኣደታት!! ምእንቲ ኣዋልድ ደቅኽን እባ በጃ ኹና! ኣዋል ደቅና፡ ካብ ስድረኣን ካብ ቊምስነኣን፣ ካብ ከባቢኤን ርሒቐን ክርከባ፣ እንታይ ከምዝገጥመን ትፈልጣ እንዲኽን! ኣትን ኣደታት ምእንቲ ኣዋል በጃ ዂና!! እንታይ ማለት ስቕ ትብላ¡ እናበለት ትግስጽ። እዚ ቃል ተግሳጽ፣ ናብ ኣዴታት ጥራሕ ዝተደረተ ይመስለና፤ ነቦታት ኣይምልከቶምንዶ፤ ንመራሕቲ ኣይምልከቶምንዶ፤ ንኣመሓደርትና ኣይምልከቶምንዶ፤*

*መምህር ምንያ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣዋልድ ከረን፣ ቅድሚ ዕድሚኣ ማለት ንእሽቶ ክነሳ፣ መምህር ኰይና ኣብ መንበር ደይባ ኢያ ተምህር ዝነበረት። ካብ ሽዑ ጀሚራ ዂነታት መናእሰይ ኣዋልድና ኣጸቢቓ ስለ እትግንዘብ ኢዩ፣ ነዚ ብርቱዕ ቃል ተግሳጽ ነደታት ከተስምዕ ዝደረኻ፤ እምበኣር ስቕ ኢላ ኣይኮነትን። መዕበያ ሥነ-ሥርዓት መናእሰይ ኣዋልድና እንተ ተዓርዩ፣ መነበብሮ ሥድራ ከምዝዕረ፣ መነባብሮ ከባቢ ከምዝዕረ፣ መነባብሮ ሃገር ከምዝዕረ ስለተገንዘበት ኢያ።*

*ካልእ ኣብ ሕይወታ ዝተረጋገጸ ኣብነት፦ ሓደ እዋን ኣብ ነፋሪት ሓደጋ ማለት ማዕርፎ ናይ ኣስመራ ምስ በጽሑ ጐማ ናይ ነፋሪት ምዝርጋሕ ኣበየ። እቲ ፓይሎት ዝካኣሎ ጽዒሩ ኣብ ልዕሊ ከባቢ ኣስመራ ክዝንቢ ጸኒሑ ንሕዝቢ ክሕብር ተገዲዱ። ንኽትፈልጡ ጐማ ምዝርጋሕ ኣቢዩኒ ስለዘሎ ንዝገጥመና ዘበለ ተሰናደዉ ምስ በለ ኣዉያት ኮነ!!! ኩሉ ሰብ ብራዕድን ሰንባደን ምስ ኣእወዩ- መምህር ምንያ ብትብዓትን ብእምነትን ኣብ መንጎ ወጺኣ ኣጆኹም!! ንጸሊ! እግዚኦ ንበል! ኣይንተዳእን ኢና! እንዳበለት ካብ ቃል እግዚኣብሔር መዝ. 46 ኣንቢባ ንኹሎም ገያሾ መሪሓ ጸለየት። ድሕሪ ቊሩብ ጊዜ ጎማ ተዘርጊሑ ዝብል ብሥራት ተነግረ። ራዕዲ ናብ ዕልልታ ተለወጠ። ነፋሪት ዓሊባ ተሳፈርቲ ምስ ወረዱ ንምንያ ተሸኪሞማ ብሓጎስ ናብ ማዕርፎ ኣጋይሽ ኣተዉ። መምህር ምንያ ጸሊያ እተድምዕ ናይ ጸሎት ሰብ ነበረት። በብግዜኡ ኣብ በቦታኡ ከም መምህር ምንያ ዝኣመሰላ ደቂ ኣንስትዮ ንዝሃበና ኣምላኽ ምስጋና ይኹኖ። ርግጽ ከምዚኦን ዝኣመሰላ መማህራን ደቂ ኣንስትዮ ውሑዳት ኢየን እሞ ከብዝሓልና ንኣምላኽ ንለምኖ።*

**ኣብ እዋን መወዳእታ ሰሙን ዕረፍታ፣ መምህር ምንያ ከምቲ ምሉእ ሕይወት ዝጸለየቶ፣ ብቤተሰባ፣ ብደቂ ማሕበራ፣ ብጐረባብታ፣ ብዝፈልጥዋን ዘፍቅርዋን ብጸሎት ተዓጂባ፣ ብምሥጢራት ተጸናኒዓ፣ ብጥዑም ዕረፍቲ ሞት ተሰናቢታ።**

## <u>ምስጋና</u>

**ንመምህር ምንያ ብጊዜ ሕማማ መጺእኩምን ዘበጻሕኩምን ብመራኸቢ ብዙሓን ዝተሳተፍኩምን፣ ኣብ ጊዜ ዕረፍታ ዝጸለኹምን ዘጸናናዕኩምን ውሉደ ክህነት ኮነ ምእመናን ብልቢ ነመስግን። ጻማኹም ካብ ሰማይ ርኸቡ። ሕሰም ኣይትርከቡ።**

**ኣብ ከረን ብ28/11/2019፣ ኣብ ኣስመራን ጅኒቫ/ሃገረ ስዊስን ብ30/11/2019 ኣብ ዝዓረገ መስዋዕተ ቅዳሴን ጸሎተ ፍትሓትን ንእተሳተፍኩም ሓእዋትን ኣሓትን ኣምላኽ ጻማኹም ይሃብኩም።**

**ንጸሎትኩምን ድኻምኩምን ብልቢ ነመስግን።**
**ምሉኣት ስድራቤትን ፈትውትን ምንያ ዓማርን፡**
**ደቂ ማሕበር ቅድስቲ ኣንጀላ መሪቺን።**






<u>መምህር ምንያ ካብ ዝዓበየትለን፡ ዘገልገለተን ቤተ ክርትያናት፣ ቅዱስ ሚካኣኤል ኣሸራን ከረንን፡ ኪዳነ ምሕረት ኣስመራን።</u>